# ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕርን




ብዶ/ር ኣሕመድ ሓሰን ድሕሊ

**ሀ- ጂኦ-ፖለቲካውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ**

**ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ብሸውዓተ ጂኦ-ፖለቲካውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ክሊታት ዝግዛእ እዩ። ንሱ ኸኣ፦**

1-**ሃገራዊ ክሊ**
2-**ክሊ ቀርኒ-ኣፍሪቃ**
3-**ክሊ ቀይሕ ባሕሪ**
4-**ክሊ ፈለግ ናይል**
5- **ክሊ ዞባ ወሽመጥ ዓረብን ፋርስን**
6- **ክሊ ኣፍሪቃ**
7- **ኣህጉራዊ ክሊ**

**ነፍሲ ወከፍ ክሊ ካብዞን ሸውዓተ ክሊታት ናይ ገዛእ ርእሱ ፍሉይ መለለይታታት ኣለዎ። ይኹን'ምበር ካብ ክብርታትን መትከላትን ናይ'ቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣንጻር ኣረጊትን ሓድሽን ሓይልታት መግዛእቲ ዘካየዶ ቃልሲን ካብ መጨረሻ ዕቑድ ናይ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ክሳብ ሕጂ ኣብ'ቲ ዞባን ካብኡ ወጻኢን ዝጥቀመሉ መሳርሒታትን እዩ ዝብገስ።**

**ለ- ፖለቲካዊ መትከላት**

**ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ብሓሙሽተ መሰረታዊ መትከላት'ዩ ዝግዛእ።**

1 **ማዕረ ምውሳእ** (Equality Indealing)

ምስ ኩሎም ዞባውን ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ሓይልታትን ሃገራትን ብማዕረ'ያ ትዋሳእ። ኤርትራ ርእይቶኣን ውሳነታታን ኣብ ልዕሊ ካልኦት ዘይተስፈድድ ከም ምዃና መጠን፡ ብኣንጻሩ ኸኣ ካልኦት ኣብ ልዕሊኣ ርእይቶታቶምን ውሳነታቶምን ከስገድዱ ፍጹም ኣይትቅበልን እያ። እዚ ኸኣ ካብ'ቲ ኣብ ኣህጉራዊ ፖለቲካዊ መስርሕ ዝፍጸም ናይ በትርን ካሮትን ፖሊሲ ብዝረሓቀ ናብ ሓባራዊ ዕግበት ንምብጻሕ ዘኽእል ርሒብ ናይ ዘተን ምብህሃልን መድረኻት ዝኸፍት እዩ።

## 2-ሓድሕዳዊ ምክብባር

ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር፡ ርእይቶታት ይቀራረብ ወይ ይረሓሓቅ፡ ይገራጮ ወይ ይመሳሰል ብዘየገድስ ማዕረ ምውሳእ መሰረታዊ ቅድመ-ኩነት እዩ። ኤርትራ ድማ ነዚ መትከል'ዚ ኣብ ነፍሳን ካልኦትን ብቅንዕና'ያ ትትግብሮ። ንሳ ብስኒትን ሰላምን ክትነብርን ሉኣላውነታን ሉኣላውነት ካልኦት ሃገራትን ብማዕረ ክኽበርን'ያ ትደሊ። ስለዚ ኸኣ ናይ ምስግዳድ ፖሊስታትን ውሁብ ኩነት ምፍጣርን ዝተፈላለየ ዓይነታትን ሕብሪታትን ናይ ደገ ተጻብኦታትን ምትእትታውን ፍጹም ኣይስትቅበልን እያ። ከም ዝፍለጥ ዝምድናታት ሃገራት ካብ ናይ ዕብለላን ምግባትን ፖሊሲ ብዝረሓቀ ብሓላፍነትን ልቦናን ዝግዛእ እንተ ድኣ ኮይኑ፡ ጉዳያትን ረብሓታትን ምፍልላይ ንሓድሕዳዊ ምክብባር ዘዕኑ ኣይኮነን።

## 3-ሓባራዊ ምትሕግጋዝ

ረብሓታት ኣህዛብ ይመላላእን ይተሓጋገዝን እምበር ዝጻረርን ዝገራጮን ከም ዘይኮነ ኤርትራ ዓሚቍ መትከላዊ እምነት ኣለዋ። ስለዚ ብደረጃ ክልተኣዊ፡ ዞባዊ፡ ክፍለዓለማውን ኣህጉራውን መዳያት ንሓባራዊ ረብሓታት ዘገልግል ጽኑዕ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ኣሎ። ካብዚ መትከላዊ ዕግበት ብምብጋስ ከኣ፡ ኤርትራ ረብሓታታ ልዕሊ ረብሓታት ወይ ብዋጋ ረብሓታት ካልኦት ሃገራት ኣይተቐምጦን እያ። ብኣንጻሩ ድማ ካልኦት ረብሓታቶም ብዋጋ ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ከቐምጡ ኣይትቅበልን እያ።

## 4-ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምእታው

ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ኣይትኣቱን እያ። ብተመሳሳሊ ካልኦት ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያ ክኣትዉ ኣይተፍቕድን እያ።

## 5-ኣብ ኪዳናት ዘይምእታው

5-1፦ ኤርትራ ዞባዊ ይኹን ክፍለ ዓለማዊ ወይ ኣህጉራዊ ናይ ኪዳናት ፖሊስታት ኣይትኣምነሉን እያ። ኣብኡ'ውን ኣይትኣቱን እያ። ምቛም ኪዳናት ዝብል ኣጀንዳ'ውን የብላን። ብኣንጻሩ ግን ብመሰረት'ዚ ሓሙሽተ መትከላት ምስ ኩለን ሃገራት ዓለም ብዘይ ኣፈላላይ ዝተፈላለየ ዕምቆት ዘለዎ ዝምድናታት ኣለዋ።

5-2፦ ኤርትራ ኣብ መድሬታ ይኹን ባሕራ ናይ ምድሪን ባሕሪን ኣየርን ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣይተፍቕድን እያ። ገለ ሃገራትን ማእከላት መጽናዕቲን ክፍልታት ስለያን ማዕከናት ዜናን ኣብ ኤርትራ ናይ እስራኤል መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ፡ እንሓንሳብ ከኣ ናይ ኢራን መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ፡ በቲ ሓደ ሸነኽ ድማ ሓባራዊ ናይ እስራኤልን ኢራንን መዓስከራት ሓይሊ ባሕሪ ኣብ ደሴታት ኤርትራ ኣሎ እናበሉ ዘጋውሕዎ ዘረባታት ንምድንጋርን ሳቕሎት ንምፍጣርን ጥራሕ እዩ። እቶም ካብ ቐጥታውን ተዘዋዋሪን ሕሳባት ተበጊሶም ምስሊ ኤርትራ ንምድዋን ናይ ሓሶት ቤላቤለው ዝዝርግሑ'ውን ዝርስዑ ኣይኮኑን። መንግስቲ ኤርትራ ብወገኑ፡ ደድሕሪ ቤላቤለው ከይሃውተተ ነገራት ምእንቲ ከይተሓላለኹን ብሩህ መረዳእታን ኣፍልጦን ንምሓዝን ቅኑዕ ሓበሬታ ኣብ ምቕራብ'ዩ ዝሰርሕ። ነዚ ነጥቢ'ዚ ዝያዳ ንምብራህ ከኣ ጸኒሕና ክንምለሶ ኢና።

5- 3 - ኤርትራ ብመትከል፡ ከም መጠን ሉኣላዊት ሃገር፡ ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መዓስከር ኣብ መሬታን ማያዊ ዞባኣን ንኽትፈቅድ መሰል ኣሎዋ። እዚ ጉዳይ'ዚ ድማ ዘሰክፉ ኣይኮነን። ናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መዓስከር ምቛምን ምፍቃድን ዘይምፍቃድን ኤርትራዊ ሉኣላዊ ውሳነ ስለ ዝኾነ፡ ብዘይካ ንኤርትራ ንኻልእ ዝምልከት ጉዳይ ኣይኮነን። ኣብ'ዚ ክፍለዋ ዝግባእ ኣብ ኤርትራ፡ ከምቲ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ማዕከናት ዜና፡ ማእከላት ምርምርን መጽናዕታትን ትካላት ስለያን ዘጋውሕኦ፡ ወተሃደራዊ መዓስከር ሕቡራት ኢማራት ዓረብ የልቦን። እቲ ክሕበር ዝከኣል፡ ኣብ 2015 ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብዝተኸስተ ውዱዕ ኩነታት፡ ንሕቡራትኢማራት ዓረብ ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ግዝያዊ ወተሃደራዊ መሳለጢ ጥራይ ተፈቒዱላ ነይሩ።

5-4፦ እቲ ዘገርም ገለ ሃገራት ዞባን ካልኦትን ብዝተፈላለየ ክላሲካውን ዘመናውን ማዕከናት ዜና ኣቢለን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ደሴታት ኤርትራ ናይ ወጻኢ ወተሃደራውን ስለያውን መዓስከር ኣሎ እናበላ ናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ኣብ ምዝርጋሕ ይርከባ። እተን ከምዚ ዝብላ ሃገራት ከኣ ናይ ምዕራብ ወተሃደራዊ መዓስከር ሓቑፈን ምህላወን እዩ። ኩነታት ንምዝራግ ናይ ሓሶት ሓበሬታ ዝዘርዋ ናይ ዞባን ደገን ትካላት ስለያ'ውን ኣለዋ። ኤርትራ ግን ነዚ ህውከት ንምዝራእ ዝፍኖ ሓሶታት ዓቢ ኣቓልቦ ኣይትህቦን እያ። እንተኾነ ግን ነገራት ምእንቲ ከይተሓላለኽን ጉጉይ መረዳእታ ከየጋጥምን ኣብ ኣድላዩ ግዜን ቦታን ነቲ ሓቂ ተብርሆ እያ።

## ሐ- ዕላማታት

ኣብዚ ሓሙሽተ መትከላት ብምምርኳስ፡ ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ነዚ ዝስዕብ የረጋግጽ።
1-ሃገራዊ ጸጥታ ረብሓ ኤርትራ ብፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማስያዊ፡ ጂኦ-እስትራተጂያዊ፡ ቍጠባዊ፡ ጸጥታዊ፡ ወተሃደራውን ባህላውን ዕምቆቱ ኣብ ዞባውን ክፍለዓለማውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ኣህጉራውን መዳይ ምርግጋጽ።
2-ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ሰላምን ርግኣትን ምስፋን።
3-ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ናይ ምትሕግጋዝን ሓባራዊ ልምዓትን ዓንዲታትን መሰረትን ምቛም።
4-ጸጥታን ሰላምን ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ምውሓስ። ኣከባቢኡ ካብ ብከላ ምዕቃብን ብኩለን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ዝርከባ ሃገራት ስርዓት ያታውን ዘመናውን ምግፋፍ ዓሳ ምውዳብን ካብ ዝኾነ ካልእ ወገን ንላዕሊ ነዚ ናይ ምትግባር ዓቕሚ ኣለወን።
5-ገለ ሃገራት ቀይሕ ባሕሪ ኣፍደገኣን ንናይ ወጻኢ ወተሃደራዊ መዓስከራት ብዘይገደብን ቀይዲን ብምኽፋት ቀይሕ ባሕሪ ኣብ መንጐ ዓበይቲ ሃገራትን ዞባውያንን ብሓደ ወገን፡ ኣባል ሃገር በቲ ካልእ ናይ ቁርቁስ ዞባ ንኸይከውን ምጽዓር።

## መ- መለለይታታት

መትከላትን ዕላማታትን ናይ ወጻኢ ፖሊሲ ኤርትራ ከም ውሽጣዊ ፖሊሲ ኤርትራ፡ ካብ'ቲ ክልተ ቀንዲ መለለይታታት ፖለቲካዊ ፍልስፍና ኤርትራ'ዩ ዝብገስ። ብዘይብኦም ከኣ፡ ነዚ መትከላት'ዚ ኣብ ባይታ ክትትግብሮን ዕላማታት ብግብሪ ከተረጋግጽን ዝከኣል ኣይኮነን። እዘን ክልተ ቀንዲ መለለይታታት ከኣ፦

**1-ርእሰ ምርኮሳ**

ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝውከል ሰውራ ኤርትራ ፍልስፍና ርእሰ ምርኮሳ እንተ ዘይክተል ነይሩ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ብኣሜሪካን እስራኤልን ዝሕገዝ፡ ጸኒሑ ኸኣ ብሶቬት ሕብረት ነበር፡ ምብራቕ ጀርመን ነበር፡ ደቡብ የመን ነበርን እስራኤልን ዓቢ ሓገዝ ዝረክብ ዝነበረን ወራሪ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ መዳርግቲ ዘይርከቦ ዓወት ከረጋግጽ ይትረፍስ፡ ኣብ ቅድሚ ጸላእቲ ናጽነትን ሓርነትን ህዝቢ ኤርትራ'ውን ከትክል ኣይምኸኣለን ነይሩ። ርእሰ ምርኮሳ ክንብል ከሎና ግን ኣብ ገዛእ ነብስኻ ተሓጺርካ ምትራፍ ማለት ዘይኮነስ፡ ውሽጣዊ ዓቕሚታትካ ብዝለዓለ ደረጃ ምምዕባልን ኣብ ኩሉ መዳያት ክትጥቀመሉ ምኽኣልን እዩ። ብሓጺሩ ካብ'ቲ ኣብ ካልኦት ምምርኳስ ዝብል ፖሊሲ ብምርሓቕ ንናይ ወጻኢ ጸቕጢታትን ምምብርካኽን ነጺግካ ዓንዲታት ናጻን ሉኣላውን ውሳነ ኤርትራ ምሕያል እዩ።

**2-ናጻ ውሳነ**

1-ናጻ ሉኣላውን ውሳነ ኤርትራ ትማሊ ቀረባ ካብ ምልክት ጽንዓትን መኸተን ከተማ ናቕፋ ይሓልፍ ነይሩ። ሎሚ ድማ ሉኣላዊ ውሳነ ኤርትራ ካብ ዋና ከተማ ኣስመራ ይመሓላለፍ ኣሎ። ኤርትራ ድማ ንዛረባ ሓመይቲ ዋላ ዝተሓተ ግምት'ውን ኣይትህቦን እያ። ኣብ ሉኣላዊ ውሳነታታ ድማ ፍጹም ዋጋ ዕዳጋ ኣይትገብርን እያ። እኳ ድኣ ኣብዞም ኣቐዲሞም ዝተጠቕሱ ሓሙሽተ መትከላት ዝምርኮስን ዝምንጩን ሉኣላዊ ውሳነ ኤርትራ ብዝኾነ ይኹን ወገን ብቀረባ ይኹን ርሑቕ ክትንከፍ ኣይንፈቕድን ኢና።

2-ንርጉእ ሉኣላዊ ውሳነ ኤርትራ ድልዱል ባይታ ዘንጽፈሉን ብዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ደረጃ ግዳይ ዋጋ ዕዳጋን ጸቕጢታትን ንኸይከውን ሃገራዊ ውሕስነት ዘረጋግጸሉን ኸኣ ርእሰ ምርኮሳ'ዩ። ስለዚ ኤርትራ ኣብ ኩሉ ዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን መድረኽ ንሓደ ከይሰገደት፡ ናይ ካልኦት ድሌታት ከየማልአት፡ ብናይ ካልኦት ጸቕጢታት ከይርዓደት፡ ኣብ ናይ ካልኦት ድሌታት ከይተንበርከኸት ብዛዕባ ኩሉ ጉዳያት ወሳኒ ቃላ ከተስምዕ ምኽኣላ ዘገርም ኣይኮነን። ብተመሳሳሊ ፍልስፍና ርእሰ ምርኮሳ ብግብሪ ይኹን ብሓሳብ ኣብ ኣእምሮ ኤርትራዊ ዜጋ ሰሪጹ ሎሚ'ውን ከም ትማሊ ውሕስነት ናጻ ህላወኡ ኮይኑ ንኽቅጽል ኣብ'ቲ መሰረታውን ኣገዳሲን ቅድመ ኩነት ዘንጽፈሉ ናጻ ሉኣላዊ ውሳነ ኤርትራ'ዩ ዝምርኮስ።

# ሰ- ኤርትራ ስኒት መትከላትን ግብሪን

## Ⅰ-ሶማል

1-ብቐጥታ ድሕሪ ሓርነት ኤርትራ 24 ግንቦት 1991፡ ሽዑ ዝነበረ ግዝያዊ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ድሕሪ ውድቐት ስርዓት ፕረዚደንት ሶማል ነበር መሓመድ ስያድ ባረ፡ ብዕለት 27 ጥሪ 1991 ዝተባርዐ ሽግር ሶማል ንምቁጽጻር ፍሉይ ልኡኽ ብምልኣኽ ተበግሶ ወሲዱ።

2-ድሕሪ ወራር ኢትዮጵያ ንሶማል ኣብ ታሕሳስ 2006፡ ብዙሓት ውድባት ሶማል ኣባላት ፓርላማን ምሁራትን ሲቪል ማሕበረሰብን መሳርያም ብምውዳብ ንወራር ኢትዮጵያ ንምምካት ብ6 መስከረም 2007 ኣብ ኤርትራ ጉባኤ ኣካይዶም። እቲ ጉባኤ ኣብ ሃገራዊ ዕርቂ ሶማል ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት ስለዝኾነ ከኣ መሪሕነት ኤርትራ ብልዑል ተገዳስነት'ዩ ተዋሲኡ። ጉባኤኛታት ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ብመሪሕነት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ንሃገራውያን ሓይልታት ሶማል ጉዳይ ሓርነትን ዳግመ-ህንጻን ሶማል ንምምይያጥ ምቹእ ታሪኻዊ ዕድል ኣብ ምፍጣር ንዝተጻወትዎ ተራ ኣሞጉሶም። ጉባኤ ብ14 መስከረም 2007 "ኪዳን ሓርነትን ዳግመ-ህንጻን" ብምቛም ተዛዚሙ። "ኤለክትሮኒካዊ መርበብ ሓበሬታ ሻባይት" ሚኒስትሪ ዜና ኤርትራ ብ14 መስከረም 2007 ኣብ ዝዘርግሖ ዜና፡ ጽሓፊ ህዝባዊ

ግንባር ንደሞክራስን ፍትሕን ስዉእ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ፡ "ሶማላውያን ምቹእ ሃዋሁው እንተ ድኣ ተፈጢሩሎም፡ ሽግራቶም ባዕላቶም ክፈትሕዎ ከም ዝኽእሉ ዓወት ናይ'ዚ ጉባኤ'ዚ ጭቡጥ ኣብነት እዩ" ክብል ገሊጹ።
3-ኤርትራ ካብ እዋን ፕረዚደንት ሶማል ነበር መሓመድ ዓብደላ መሓመድ ፎርማጆ ጀሚራ ክሳብ ሕጂ ሓይሊ ምድሪ፡ ሓይሊ ባሕሪን ሓይሊ ኣየርን ሃገረ ሶማል ንምህናጽ ኣሽሓት ሶማላውያን መንእሰያት ኣብ ምስልጣን ትርከብ።

## II- ኢትዮጵያ

1-ኢትዮጵያ ካብ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምግልጋላ ከም እንደገና ናብ ታኼላ ኲናት ሓድሕድ ምእንቲ ከይትሽመም ኣስመራ ኣብ 1992 ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ተቓወምቱን ኣኼባታት ኣኣንጊዳ።
2-ኤርትራ ድሕሪ ሓርነት ብቐጥታ፡ ኢትዮጵያ ንወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ብስማዊ ቀረጽ እሞ ኸኣ ብውሽጣዊ ባጤራ ነቲ እትህቦ ኣገልግሎት ጥራሕ ዝሸፍን እናኸፈለት ንሲቭላዊ ጉዳያት ክትግልገለሉ ፈቒዳ።
3-ኢትዮጵያ ኣብ 1995 ቅዋም ቅድሚ ምጽዳቓ፡ ኣብ 1994 ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ በቲ ሽዑ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራትን መራሕቲን ዝነበረ ድልዱል ዝምድና ንፕረዚደንት ኤርትራ ርእይቶኡ ንኽገልጸሉ እማመ ናይ'ቲ ቅዋም ሂቡዎ። እቲ ቅዋም ንኢትዮጵያ ኣብ ዓሌታዊ ሽግር ዝሸምም ፈንጂ ምኳኑ ገሊጽሉ ነይሩ።



"ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ማእከል እስትራተጂያዊ መጽናዕቲታት ኤርትራ ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ "መለስ! እዚ ሰነድ'ዚ ንኢትዮጵያ ይትረፍስ፡ ንዝኾነ ካልእ ሃገር ኣይጠቕምን እዩ። በዚ መልክዕ'ዚ ሃገር ከተቀውም ኣይትኽእልን ኢኻ። ከምዚ ዓይነት ኣጋጢሙ ኣይፈልጥን እዩ። ኣብ መጻኢ ኣድላይነት ዘይነበሮ ጸገማትን ቁርቁስን ክፍጠር እዩ። ሽዑ ንምፍታሑን ንምቁጽጻሩን ኣሸጋሪ ክኸውን እዩ። ዓንቀጽ 39 ጥራሕ ዘይኮነ፡ እቲ ሰነድ ብምሉኡ መንፈሱን ትሕዝቶኡን ምስ

ኢትዮጵያ ዝሳነ ኣይኮነን ኢለዮ” ክብል ገሊጹ። መለስ ብወገኑ፡ “ከምኡ ከም እትብለኒ ይፈልጥ ነይረ። ከሳትፈካን ርእይቶኻ ክሰምዕን ስለዝደለኹ ጥራሕ እዩ። ሓሳበይ ክገልጸልካ፡ ከምኡ እንተ ድኣ ዘይጌርና ንኢትዮጵያ ከነመሓድራ ኣይንኽእልን ኢና። ኣብዝን ኣብትን ፈንጂታት ትዘርእ፡ ብድሕሪኡ ነገራት ብኸምቲ ንደልዮ እንተ ቀጺሉ ጽቡቕ እዩ፡ እንተ ዘይቀጺሉ ግን እቲ ዝተዘርአ ፈንጂታት ይባራዕ ኢሉኒ” ይብል። ብኸምዚ ዓይነት ቅዋም ጌርካ ሃገር ክትመርሕ ኣይትኽእልን ኢኻ። እቲ ሳዕቤን ሓደገኛ እዩ። ኣብ 1995 ብመሰረት’ቲ ቅዋም ፌደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኢትዮጵያ ተሰምያ። እዚ ናይ ሕጂ ሽግር ከኣ ናቱ ውጽኢት እዩ። ብዛዕባ ካልእ ጕናዊ ጉዳያት ክትዛረብ ኣይትኽእልን ኢኻ። እንተኾነ ግን ንዓይ ስለዘኸበረኒ ኣኽቢረዮ፡ ሓሳባት ከካፍለኒ መጺኡ፡ ንዓኻ እቲ ጉዳይ ከምቲ ትብሎ ዘሎኻ ይመስለካ እዩ። እንተኾነ ግን ንዓና ዝምችእ ጉዳይ ኣይኮነን። ንሕና ኣብ ከምዚ ጉዳይ ብኸምዚ ኣገባብ ኣይንዋሳእን ኢና።

እዚ ኣገባብ’ዚ ኣብ ዘየድሊ ኣንፈት ዘምርሕ እዩ። ፍታሕ ዘይርከቦ ሽግር ዝፈጥር እዩ። እቲ ጉዳይ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እንተ ድኣ ኮይኑ ተመሊስካ ክትእርሞ ዝከኣል ኣይኮነን። ብቍጠባውን ባህላውን ሸነኽ ይኹን ብፖለቲካውን ጸጥታውን ዋላ ብኻልእ ኣገባብ ዝዕረ ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ሃገር ኣብ ክንዲ ዝሃንጽ ዝበታትን እዩ። ኮፍ ኢልና ብዙሕ ተዘራሪብና። ብቅንዕና ክብለካ ዝደሊ፡ በጃኻ ነዚ ጉዳይ’ዚ ክልተ ግዜ ሰለስተ ግዜ ብንቕሓት ሕሰበሉ ኢለዮ። ንሱ ግን “እዚ ዝበልኩኻ’ዩ ካልእ ምርጫ ድማ የብልናን ኣሉኒ። እዚ ኣብ መጨረሽታ 1994 ነይሩ። ኣብ 1995 ኸኣ እቲ ቅዋም ተተግቢሩ። እሞ ኣብ ኢትዮጵያ እንታይ ኣጋጢሙ? እዚ ፖሊሲ’ዚ ናይ ዓሌታት ምትፍናን (Ethnic Polarization) ኣስዒቡ። እዚ ቅዋም’ዚ ውሽጣዊ ቅልውላውን ዓሌታዊ ጎንጺታትን ንሰለስተ ዕቁዳት ርግኣት ዝኸልአ ፍልልያትን ኣስዒቡ። [1]
4-መንግስቲ ኢትዮጵያዊ ወያነ፡ ባድመ ኣመሳሚሱ ሽግር ምስ ፈጠረ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ነቲ ኩነታት ንምቁጽጻር ብ16 ነሓሰ 1997 ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ መልእኽቲ ሰዲዱ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ መልእኽቱ “ኣብ ከባቢ ባድመ ብዝተፈጥረ ዘሻቅል ኩነታት ብኣካል ክጽሕፈልካ ተገዲደ ኣሎኹ። ኣብ መንጐ ሃገራትና ዘሎ ዶብ ብንጹር ዝተመልከተ እዩ። ንሕና ኣብ መንጎና ዘሎ ምትእስሳር ኣብ ግምት ብምእታው ዓቢ ኣቓልቦ ኣይሃብናሉን። እዚ ጉዳይ’ዚ ኣብ መጻኢ ዘሻቅል ክኸውን’ዩ ዝብል እምነት የብልናን። ሰራዊትካ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ንዓዲ ምሩግ ብሓይሊ ምሓዞም ዘሕዝን እዩ። ኣድላዪነት ዘይብሉ ግጭት ምእንቲ ከይክሰት ድማ ብኣካል ባዕልኻ ኣድላዪ ስጉምቲ ክትወስድ እላበወካ” ክብል መልእኽቱ ዛዚሙ።

5-ኤርትራ ኣብ ሕዳር 2002 ነቶም ብሰንኪ ጥሜት ሓደጋ ሞት ኣንጸላልዩዎም ዝነበሩ ኢትዮጵያውያን ዜጋታት ንምርዳእ ናይ ረዲኤት መግቢ ብወደባታ ክኣቱ ከም እተፍቕድ ኤርትራ ድልውነታ ምስ ገለጸት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብመገዲ ኤርትራ ዝመጽእ ሰብኣዊ ሓገዝ ከም ዝነጽጎ ገሊጹ። ኤርትራ ነዚ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰደት፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንትግባረ ናይ'ቲ ቀያዲን ናይ መጨረሽታን ውሳነ ኮምሽን ዶብ ነጺጉ እናሃለወ እዩ።
6-ኣቢ ኣሕመድ ስልጣን ኢትዮጵያ ድሕሪ ምሓዙን ውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ምፍታሕ ዝብል ጭርሖ ምልዓሉን፡ ኤርትራ ርክባት ስርዓት ኢትዮጵያን ዕጡቓት ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያን (ግንባርሓርነት ኦሮሞ፡ ሃገራዊ ግንባር ሓርነት ኦጋዴን፡ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኣምሓራ፡ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ትግራይ፡ ግንባር ሸውዓተ ግንቦት) ካብ ግንቦት ክሳብ ነሓሰ 2018 ኣብ ምእንጋድ ዓቢ ተራ ተጻዊታ እያ። በዚ ኸኣ ደም ኢትዮጵያውያን ካብ ምፍሳስን ጸጥታ፡ ሰላምን ርግኣትን ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ኣብ ምፍጣርን ኣበርክቶ ገይራ ከም ዝፍለጥ እቲ ኣብ ሰሜናዊ ትግራይ ኣንጻር ኤርትራ ኣብ ዶብ ዓሪዱ ዝነበረ ሓይልታት መሪሕነት ሰሜናዊ ኢትዮጵያ ብ2 ሕዳር 2022 ብሓይልታት ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ብቃጻ ምስ ተጠቕዐ፡ ናብ ኤርትራ ክስደድ'ዩ ተገዲዱ። በቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ዝነበረ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ጽቡቕ ኣቀባብላ ተገይርሉ። ብሰላም ከኣ ናብ ኢትዮጵያ ተመሊሱ። እዚ ኸኣ ብዙሕ መልእኽቲታትን ትርጉምን ዘለዎ እዩ።

## III-ጂቡቲ

መንግስቲ ኤርትራ ንህዝቢ ጂቡቲ ካብ ሽግር ኵናት ሓድሕድ ንምድሓን ንመንግስቲ ጂቡቲን ዕጡቓት ተቓወምቱን (ኣልፍሮድ) ናብ ሰላማዊ ፍታሕ ዘብጽሕ ናብ ጠረጴዛ ዘተ ብሓባር ኮፍ ንምባሎም ካብ 1992-1993 ዘይተቋጠበ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪታት ኣካይዱ።

## IV- የመን



ኣብ መንጐ ኤርትራን የመንን ብዘሎ ተመሳሳሊ ስልጣነ፡ ታሪኻዊ ምትእስሳር፡ ማሕበራዊ ጥምረትን ፖለቲካዊ ዝምድናታትን ብሓደ ወገን፡ ከምኡ ድማ የመን ዘይፍለ ኣካል ጂኦ-እስትራተጂ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ምዃኑ መጠን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ካልኦት ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኤርትራን ኣብ መንጐ ኣሕዋት የመናውያን ኲናት ሓድሕድ ምእንቲ ከይባራዕ፡ ነቲ ኣብ መንጐ ፕረዚደንት የመን ነበር ጀነራል ዓሊ ዓብደላ ሳልሕን ምክትሉ ዝነበረ ዓሊ ሳልም ኣልቢድን ዝተፈጥረ ፍልልይ ንምፍታሕ ኣብ 1994 ኣብ መንጐ ሰንዓን ዓደንን ተኸታታሊ ዑደታት ኣካይዶም። ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ንሲቭል ነፈርቲ የመን ብኲናት ሓድሕድ ዕንወት ምእንቲ ከይበጽሓን ኣዕቊቡወን።

## V- ሱዳን

"ስርዓት እስላማዊ ድሕነት ሱዳን ንህዝቢ ሱዳንን ፖለቲካውያን ሓይልታቱን ኣብ ሽግር ምስ ሸመሞም፡ ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ናብ ወጻኢ ተሰዲዶም። ኣብ መንጐ ሱዳንን ኤርትራን ብሓደ ወገን፡ ኣብ መንጐ ፖለቲካውያን መራሕቲ ሓይልታት ሱዳንን መሪሕነት ኤርትራን ድማ በቲ ካልእ ታሪኻውን ፖለቲካውን ዝምድና ስለዘሎ መደበሮም ኣብ ኣስመራ ክኸውን'ዩም መሪጾም። እዚ ድማ ኣብ'ቲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያን ተሓባበርቱ ምዕራባውያንን ምብራቓውያንን ሓይልታት ንሰለስተ ዕቊዳት ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዝደልደለ እዩ። ታሪኻውያን



ፖለቲካውያን ሓይልታት ሱዳን ከም ሰልፊ ኡማ፡ ሰልፊ ደሞክራስያዊ ሕብረት፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ሱዳን፡ ዴሳዊ ሰልፊ፡ ምትእኽኻብ ኣፍሪቃውያን ሰልፈታት ሱዳን፡ ጉባኤ ቢጃ፡ ኪዳን ሓይልታት ሱዳን፡ ናይ ሞያ ማሕበራት ሱዳንን ናጻ ሃገራውያን ሱዳናውያን ውልቀ-ሰባትን ዝተሳተፍዎ ንሽግር ሱዳን ፖለቲካዊ መዋጽኦ ዝደሊ “ጉባኤ መጻኢ ጉዳያት” (መቁተመር ኣልቀዳያ ኣልመሲርያ) ዝተሰምየ ጉባኤ ካብ 15 ክሳብ 23 ሰነ 1995 ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ተቓኒዑ። መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ጉባኤ’ዚ ከኣንግድ ከሎ ኸኣ ነዚ ዝስዕብ ይደሊ ነይሩ።

1-ንሱዳን ፖለቲካዊ ፍልልያቱ ብሰላማዊ መገዲ ንኽፈትሕ ምሕጋዝ።

2-ሓድነት ሱዳን ምዕቃብ

3-ሱዳን ንኸይከፋፈል ምስራሕ።

4-ንጽቡቕ ግብሪ ሱዳን ብጽቡቕ ተግባር ኤርትራ ምምላስ።

ከም ዝፍለጥ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ኣመና ብዙሕ ሽግራት ሱዳን ንምፍታሕ ዘይተቆጠበ ጻዕሪ ኣካይዱን የካይድ ኣሎን። ገለ ካብኡ ንምጥቃስ፦

1-በኹሪ ርክብ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ሱዳን ማርሻል ዑመር ሓሰን ኣሕመድ ኣልበሽሪን መራሒ ደሞክራስያዊ ሃገራዊ ምትእኽኻብ ሱዳን ነበር መሓመድ ዑስማን ኣልሙርቀኒን ብ26 መስከረም 2000 ኣብ ዋና ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ተኣንጊዱ።

2-ኤርትራ ኣብ ክሊ ዞባውን ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን ውድባት ይኹን ብናይ ውልቃ ተበግሶ ውሽጣዊ ሽግራት ሱዳን ንምፍታሕ ርኡይ ዲፕሎማስያዊ ተራ ተጻዊታ እያ።

3-“ስምምዕ ሰላም ምብራቕ ሱዳን” ብ14 ጥቅምቲ 2006 ብተበግሶን መንጎኝነትን ኤርትራ’ዩ ተዓዊቱ።

ፕረዚደንት ሱዳን ዑመር ኣልበሽር ብኣጋጣሚ ምኽታም ስምምዕ ሰላም ምብራቕ ሱዳን ኣመልኪቱ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ።

ሀ- “ኣብ መስርሕ ሰላም ሃገርና ወሳኒ ታሪኻዊ ህሞት እዩ። ካብ ኒፋሻ ጀሚርና ኣቡጃን ካይሮን ዝኸድናዮ ጉዑዞ፡ ሎሚ ኣብ ኣስመራ ሉል (Gem) ቀርኒ ኣፍሪቃ ተፈጺሙ ኣሎ። ኣብ ታሪኽ ኣህጉርና ሓድሽ ድሙቕ ፍጻመ እዩ።

ለ- “እዚ ታሪኻዊ ህሞት’ዚ፡ ኣብ ትንሳኤን ኣግእዞን ኣፍሪቃ ተስፋ ዘለዎ ሓድሽ መድረኽ ዘበስር እዩ። ነቲ ወርቃዊ ግዜ ዘጥፍኣልና፡ ዓቢ ጸጋታት ዘባኸነልና፡ ኣመና ዘድልዩና በላሕቲ ኣእምሮን ክቡር ሂወትን መንእሰያትና ዘኽሰረና ውሽጣዊ ሽግራትና ዘገላገለና እዩ።

ሐ- “እዚ ህሞት’ዚ ስምምዕ ሰላም ምብራቕ ሱዳን እንኽትመሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ታሪኽ ዞባና ኣብ ኣፈታትሓ ግርጭታት ድሙቕ ኣብነት ዘበርከተ ምልክት እዩ። ነዚ ዓቢ ስጉምቲ’ዚ ዝመርሖ ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂን ዘካየዶ ጻዕሪን ህዝብን መራሕቲን ኤርትራ ንምእንቲ ሰላም ምብራቕ ሱዳን ዝተጻወትዎ ተራን ነሞጉስ። ሓደ ዕላማን ታሪኽን ደምን ዘተኣሳሰረና ኣሕዋት ህዝቢ ከም ምኳና መጠን ግን ዘገርም ኣይኮነን።

መ- “ሕጂ ኤርትራን መራሒኣን ንሃገርና ናይ ሰላም ኢድ ዘርጊሖሙላ ኣለዉ። ንቅንዕና ብቅንዕና ክንምልሰሉ ድማ ኣሎና። እዚ ድማ ንክልተኣዊ ዝምድናታት ሃገራትና ክብ ንምባል ጥራሕ ዘይኮነ፡ የግዳስ ንረብሓ ዞባናን መላእ ኣህጉርናን ዘረብሕ’ዩ” ክብል ኣብሪሁ። (2)

4-ኤርትራ ኣብ መንጎ ሱዳንን ደቡብ ሱዳንን ዝተፈጥረ ሽግር ንምእላይ፡ ፕረዚደንት ሱዳን ማርሻል ዑመር ኣልበሽር ብ12 ሰነ 2013 ናብ ኣስመራ ወግዓዊ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ፡ ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ዑስማን ሳልሕ ብ22 ሰነ 2013 ናብ ጁባ ብምብጻሕ ምስ ፕረዚደንት ሱልፋኬር ምያርዴት ኣብ ዝተራኸበሉን እዋን ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪታት ኣካዪዳ።

5-ኤርትራ ንተቀራቐስቲ መራሕቲ ሱዳን ንምሕጋዝን ኣብ መንጎኦም ዝተፈጥረ ሽግር ንምቁጽጻርን ሱዳን ናብ ተዓዋቲ ዘይብሉ ኣዕናዊ ኲናት ንኸይትኣቱን ብ20 ግንቦት 2022 ንፕረዚደንት ሉኣላዊ ባይቶን ላዕለዋይ ኣዛዚ ሰራዊት ሱዳንን ጀነራል ዓብደልፈታሕ ብርሃን ናይ መፍትሒ ሓሳብ “ወረቐት” ኣቕሪባትሉ።



ካብ'ዚ ቀጺልና እምበኣር ኣብ ወረቐት ኤርትራ ዝሰፈረ ቀንዲ ነጥቢታት ነቕርብ።
ሀ- ምህናጽ ስምርቲ ሃገር።
ለ- ኣብ ዜግነት ዝተመስረተ ስርዓት-መንግስቲ ምቛም።
ሐ- ፍትሓዊ ምቅርሐ ጸጋታት።
መ- ንሃይማኖት ከም ፖለቲካዊ መሳርሒ ዘይምጥቃም።
ረ- ቀቢላውን ዓሌታውን ምትእኽኻባት ዘይምፍቓድ።
ሰ- ህዝቢ ተመያዪጡ ከጽድቆ እማመ ቅዋም ምድላው።
ሸ- ናይ ዝኾነ ፖለቲካዊ ውድብ ጸግዒ ዘይወስድ ብፕረዚደንት ሉኣላዊ ባይቶ ዝምራሕ ወተሃደራዊ
ባይቶ ሓላፍነት ኣብ ዝወስደሉ መሰጋገሪ መድረኽ ምስምማዕ። [3]

6-ኤርትራ ሽግር ሱዳን ንምቁጽጻርን ነቶም ኣብ ሓዊ ነዳዲ ዝኽዕዉ ሓይልታት ዕድል ንምኽላእን ኣብ ዘካየደቶ ዲፕሎማስያውን ፖለቲካውን ጻዕሪታት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ13 ግንቦት 2023 ንመራሒ "ሓይልታት ውሃብ ቅልጡፍ ደገፍ" መሓመድ ሓምዳን ዶጎሎ (ሕሜቲ)፡ ከምኡውን ብ11 መስከረም 2023 ንመራሒ ሓይልታት ሱዳን ጀነራል ዓብደልፈታሕ ብርሃን ኣብ ኣስመራ ተቐቢሉ ኣዘራሪቡዎም። ኣብ መንጎኦም ተፈጢሩ ዘሎ ሽግር ብዛዕባ ዝፍትሓሉ ኣገባብ ድማ ተመያዪጡ። ህዝቢ ሱዳን ኣብ መጨረሽታ ወሳኒ ቃሉ ዘስምዓሉ ምቹእ ኩነታት ንምፍጣር ኣብ ሱዳን ሰላም ምስፋን ወሳኒ ምዃኑ ኣረዲኡ።

7-ኣብ ሚያዝያ 2023 ኣብ መንጎ ሰራዊት ሱዳንን ሓይልታት ውሃብ ቅልጡፍ ደገፍን ኩሉ ዓይነት ኣጽዋር ዝተጠቕምሉ ቅሉዕ ኲናት ብኣዝዩ ቅልጡፍ ናህሪ ኣብ ሕምብርቲ ኻርቱም ምስ ተወልዐ፡ ኣስታት 5 ሚልዮን ህዝቢ ነፍሶም ኣብ ውሽጢ'ቲ ሆስፒታላትን መደበር ሓይሊ ኤለክትሪክን ዘዕነወ ደማዊ ወተሃደራዊ ግጥም ረኺቦማ። ዝስተ ማይን ዝብላዕ መግቢን ስለዝጠፍአ፡ ነበርቲ ኻርቱም ሂወቶም ንምድሓን ናብ ካልኦት ከተማታት ሱዳን መዋጽኦ ኣምድላይን ብኣየርን ምድሪን ባሕሪን ካብ ሃገሮም ወጻኢ ንስደት ኣብ ምቁማትን ይርከቡ። ስለዚ ከኣ ኤርትራ ብዘይ ገለ ዕንቅፋትን ፍቓድን ንኹሎም ናብ ኤርትራ ክመጹ ዝደለዩ ሱዳናውያን ክሊ ኣየራን ማያዊ ዞባኣን ምድራዊ ዶባታን ክፉት ገይራቶ። "ማሕበራት ገናዞን" "መዓስከራት ረዲኤትን" ዘይብሉ፡ ንኩሉ እትውንኖ መድሃኒት፡ መግቢ፡ ማይን መዕቀቢን ምስቶም ካብ ሱዳን ዝመጽእዋ ኣሕዋት ተኻፊላቶ። ንኤርትራ እቲ ጉዳይ ናይ ሕልናን ምስ ህዝቢ ሱዳን ምድግጋፍን እዩ። ፕረዚደንት ኤርትራ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ክዛረብ ከሎ፡ "መዓልታዊ ዶብ ሰጊሮም ዝመጹ ሱዳናውያን ክንደይ እዮም? ኣበይ በጺሖም? በየን ኣትዮም? እንታይ ገይሮም? ኣብ ዜና ክትዛረበሉ ቅቡል ኣይኮነን። እዚ ኣብ ባህልናን ጠባይናን ነውሪ እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ፡ ህዝብና ናብ ሱዳን ክስደድ ከሎ፡ ከም ኩሎም ሱዳናውያን ዜጋታት ይነብር ነይሩ። ሱዳን ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ይኹን ድሕሪ ሓርነታዊ ቃልሲ ንህዝቢ ኤርትራ ትሕግዝ ነይራ። ኣብ ሱዳን ዝነብር ኤርትራዊ ንነፍሱ ከም

ጋሻ ወይ ወጻእተኛ ፍጹም ርእዩዋ ኣይፈልጥን እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ኣብዚ ዝመጽእ ሱዳናዊ ኣብ ግዜ ኲናት ይኹን ሰላም ኣብ ቤቱን ምስ ስድራ ቤቱን ከም ዘሎ ክፈልጥ ኣለዎ። ከምዚ ዝኣመሰለ ሃዋሁው ክፍጠር ከሎ፡ ምስ'ቲ ኲናትን ባህርያዊ ሓደጋታትን ዝፈጥሮ ጸገማት ክትዋሳእ ትኽእል ኢኻ። ሕቶ ጸጋታት ከኣ ብካልኣይ ደረጃ ዝስራዕ እዩ። እንኽተሎ ፖሊሲ ኣብ ዕዳጋ ህዝባዊ ርክባት ገናዞ ዘይምእታው እዩ" ክብል ገሊጹ። [4]

## ሸ- ኤርትራ - - - ፖሊሲ ምእላይ ሽግራትን ቁርቁሳትን

ገለ ሃገራት ብመሪሕነት ተኸታተልቲ ምምሕዳራት ኣሜሪካ ኤርትራ ንምስይጣን፡ ብዝተፈላለየ ማዕከናት ዜና ምስሊ ኤርትራ ምድዋን፡ ካብ ዞባዊ ክፍለ-ዓለማውን ኣህጉራውን መድረኻት ንምንጻላ፡ ናይ ሓሶት ክሲ እናመስረታ ዝተፈላለየ ዓይነት ከበባ ኣብ ልዕሊኣ ምፍጻም፡ ብመገዲ ገለ መሳርሒታታ ዝኾና ሃገራት ሽግር ምፍጣር፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ዝተፈጥረ ሽግራት ንኤርትራ ሓላፍነት ምስካም፡ እቲ ዕላማ ከኣ ናብ'ቲ ዝኸፍአ ንምብጻሕ ማለት ናብ'ተን ዋሽንግቶን "ፍሹላት" እትብለን ሃገራት ንምጽንባራ ርግኣታታን ጸጥታኣን ብምዝራግ ነቲ ዘይምኹኑይ ንምምኽናይ ማለት ፖለቲካዊ ስርዓታ ብምቅያር ንዓኣ ዘገልግል ስርዓት ንምትካል ወይ ናብ'ቶም ዞባውያን መሳርሒታታ ንምጽንባራ እዩ። ነዚ ታሪኽ'ዚ ዘረጋግጸልና ጭቡጥ ኣብነታት ኣብ ላቲን ኣሜሪካ ይኹን ምብራቕ ኤውሮጳ ወይ ኤስያን ኣፍሪቃን ኣሎ። ብቐጥታ ኣብ መስመር ምምሕዳር ኣሜሪካ ዝጉዓዙ ወይ ብዘይቐጥታዊ ኣገባብ ብመገዲ'ተን ካብ ጽልዋ ኣሜሪካ ዘይወጻ ሃገራት ዝወድቁ ፓፓጋሎ ስርዓታት ምትካል።
ንታሪኻዊ፡ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ሓቂታት ንምብራህ ካብ ዘሎና ተገዳስነት ብምብጋስ እምበኣር፡ ነቲ ሃገረ ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ብ1993 ብዞባዊ፡ ክፍለ ዓለማውን ኣህጉራውን ውድባት ብቀዳምነት ከኣ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃን ሕጂ ሕብረት ኣፍሪቃ እናተመርሐ ዝተኻየደ ናጻን ፍትሓውን ረፈረንደም ዝተረጋገጸ ናጽነት ኤርትራ ዘጋጠሞ ዞባዊ ብድሆታት ከነብርህ ኢና።

## 1-ሱዳን

## ምብታኽ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምስ ስርዓት በሺር ቱራቢ

ስርዓት ሃገራዊ እስላማዊ ግንባር ሱዳን ብመሪሕነት ዶ/ር ሓሰን ዓብደላ ኣቱራቢን ማርሻል ዑመር ሓሰን ኣልበሽርን ብመሰረት ዓለማዊ እስላማዊ ፖሊስኡ፡ ቅድሚ ሓደ

ዓመት ብመሪሕነት ማርሻል ኣልበሽር ብ1989 ብወተሃደራዊ ዕልዋ ኣብ ኻርቱም ስልጣን ቅድሚ ምቁጽጻሩ ብ1988 "ምንቅስቓስ እስላማዊ ጅሃድ" መስሪቱ። እዚ "ጅሃዳዊ ምንቅስቓስ'ዚ" ኣብ ሓርነታዊ ኵናት ኣይተሳተፈን። እንተኾነ ግን ድሕሪ 24 ግንቦት 1991 ኣብ ከባቢታት ዶብ ገለ ግብረሽበራውን ኣዕናውን ተግባራት ክፍጽም ጀሚሩ። ሓይልታት ኤርትራ ግን ብዓቢ ሓገዝ ናይ'ቲ ከባቢ ነበርቲ መኪትዎ። መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ምስ ህዝቢ ሱዳን ዘተኣሳስረና ናይ ሓባር ስልጣነን ታሪኽን ፖለቲካውን ማሕበራውን ቊጠባውን ዝምድናታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ንግብረሽበራ ዝድግፍ መርገጺ መንግስቲ ሱዳን ብኣጋኡ ንምቁጻይ ዘይተቆጠበ ዲፕሎማስያዊ ጻዕሪታት ኣካይዱ። ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ምእንቲ ከይዝረግ ብዙሓት ልኡኻት ሰዲዱ። እንተኾነ ግን እስላማዊ ስርዓት ኻርቱም መናውራት እናካየደ ሓገዙ ንእስላማውያን ምንቅስቓሳት ቀጺሉዎ። ስለዚ ከኣ ንመንግስቲ ኤርትራ ብዘይካ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምስ ስርዓት ኻርቱም ኣብ ታሕሳስ 1994 ምብታኽ ካልእ ምርጫ ኣይነበረን። ኩሎም ከም ዝፈልጥዎ ብዕልዋ ዝመጸ ስርዓት ሱዳን ካብ'ቲ ስዑዳዊ ኡሳማ ብን ላደን፡ ምስራዊ ኣይመን ኣዘዋህሪ፡ የመናዊ ዓብደልመጂድ ኣዘንዳኒ፡ ቱኒዝያዊ ራሽድ ኣልቀኑሺ፡ ካልኦት እስላማዊ ምንቅስቓሳት እንኮላይ "ምንቅስቓስ እስላማዊ ጅሃድ ኤርትራ" ዝተሰምየ ዝተሳተፍዎ ብ1991 "ህዝባዊ እስላማዊ ጉባኤ" ዝተመስረተሉ ዕለት ጀሚሩ ዝተኸተሎ መስመር ኣንጻር ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ምስ ብዙሓት ሃገራት ዞባን ካብኡ ወጻኢን ዝኸተሎ እዩ። ስለዚ ከኣ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ዝምድና ኤርትራን ሱዳንን ምንቁልቋሉ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ኤርትራ ሓላፍነት ኣይነበራን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ንዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ንምዕቃብ ዝከኣላ ፈቲና እያ። እንተኾነ ግን ውጽኢት ኣይተረኸበን። ምስ ስርዓት ቱራቢ-በሽር ዝምድናና ኣብ ወጥሪ ምእታዉ ንኤርትራ ሓላፍነት ምስካም፡ ብትሕዝቶን መልክዕን ውዱቕ ክሲ፡ በቲ ካልእ ሸነኽ ከኣ ኣብ ክሊ ቅሉዕ እስትራተጂ ዝፍጸም ሕማቕ ድሌት ጥራሕ እዩ።

## 2-ሽግር ምስ የመን 1995

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ መንጎ ክልተ የመን ኲናት ንኸይውላዕን ሓድነት የመን ንምዕቃብን ኣብ 1994 ነቲ ኣብ መንጎ ፕረዚደንት የመን ዓሊ ዓብደላ ሳልሕን ምክትሉ ዓሊ ሳልም ኣልቢድን ዝተፈጥረ ፍልልያት ብኣጋኡ ንምፍታሕ ዘይተቆጠበ ጻዕሪታት ከም ዘካየደ ኣቐዲሙ ተጠቂሱ ነይሩ። የመን ኣብ 1995 ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ዝርከባ እኩባት ደሴታት ኤርትራ ውሁብ ኩነት ትፈጥር'ያ ዝብል ብኤርትራ ትጽቢት ኣይነበረን። ከም ዝፍለጥ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኣብ ዝነበረትሉ ግዜ የመን ነዘን ድሴታት እዚኣተን ሓቲታተለን ኣይትፈልጥን እያ። እኳ ድኣ ፕረዚደንት ኢትዮጵያ መንግስቱ ሃይለማርያም ኣብዘን ደሴታት እዚኣተን ወግዓዊ ዑደት ኣካይዱ እዩ። ነቲ ብጆላቡ ብአእን ዝሓልፍ ዝነበረ ዕጥቂን ስንቂን ተጋደልቲ ኤርትራ ንምዕጋት ወተሃደራዊ መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ብዛዕባ ዝምስረተሉ

ኣገባብ ተኸእሎታት ንምጽናዕ ከም ዝኾነ ከኣ ናይ ኢትዮጵያ ጋዜጣ “ኣዲስ ዘመን” ብስእሊ ዝተሰነየ ዜና ሰሪሓትሉ ነይራ። እቲ ዘገድስ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ መንግስቲ የመን ኣብ'ተን ደሴታት ዝወሰዶ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ወተሃደራዊ መልሰ ተግባር ኣይሃበሉን። እኳ ድኣ ነቲ ቅልውላው ብፖለቲካውን ሕጋውን መዳይ ክገትኦ ብዝተኻእለ መጠን ፈቲኑ እዩ።
ብ16 ሕዳር 1995 ፕረዚደንት ኤርትራ ናብ መዘናኡ ፕረዚደንት የመን ኣብ ዝለኣኾ ደብዳበ የመን ሓይልታታ ካብ ሓኒሽ-ዘቑር ክትስሕብ ኣዘኻኺሩ። ኣስዒቡ ኸኣ የመን ኣብተን እጀታይ ትብሎ እንተ ድኣ ኣሎ ኾይኑ፡ ብክልተኣዊ ኣገባብ ክንመያየጠሉ፡ እዚ እንተ ዘይሰሊጡ ከኣ እቲ ጉዳይ ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ክሰጋገር ዝብል ሓሳብ ኣቕሪቡ። ይኹን'ምበር እቲ ጉዳይ ምስ ተዓንቀፈ መንግስቲ ኤርትራ ብ22 ሕዳር 1995 ዝለዓለ ልኡኽ ናብ ሰንዓ ሰዲዱ። ንመንግስቲ የመን ከኣ እዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ ሓሳባት ኣቕሪቡሉ።

1- የመን ካብተን ደሴታት ሓይልታታ ክትስሕብን ኩነታት ናብ`ቲ ዝነበሮ ክምለስን።

2- ናብ ክልተኣዊ ዘተ ምእታው።

3- ክልቲኦም ወገናት ኣብ መሰረታዊ መትከላትን ናይ'ቲ ሽግር መፍትሒ መካኒዝምን ይሰማምዑ።

4- ክልቲኦም ወገናት ነቲ ፍልልይ ብመገዲ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ንምፍታሑ ይሰማምዑ።

እንተኾነ ግን ተበግሶ ኤርትራ እወታዊ መልሲ ኣይረውኸበን። ኣብ ከምዚ ኩነታት እናሃለና ከኣ ምስ ሓይልታት የመን ኣብ ረጽሚ ምእንቲ ከይትኣቱ ኣብኡ ዝነበረ ሓንቲ ንእሽቶ ኣሃዱ ኤርትራ ኣብ ርሑቕ ከባቢ'ቲ ደሴት ከም እትቅመጥ ተገይሩ። ድሕሪ ገለ መዓልታት ብፍላይ ከኣ ኣብ ክፍላ ታሕሳስ 1995 ሓይልታት የመን ንተጋደልቲ ኤርትራ ካብታ ደሴት ክወጹ ሓቲቶሞም። ወተሃደራት ኤርትራ ግን ኣብ ደሴትና ኢና ዘሎና ብምባል ንትእዛዞም ከም ዘይቅበልዎ ሓቢሮምዎም። ስለዚ ከኣ መጥቃዕቲ ሓይልታት የመን ስዒቡ።

ኣሃዱና ኣብ ዝገበሮ ናይ ነፍሰ ምክልኻል ውግእ ንመብዛሕትኦም'ቶም ዘጥቅዑ ወተሃደራት የመን ማሪኾምዎም። ናብ ምጽዋዕ ምስ መጹ ድማ ከም ምሩኻት ኩናት ዘይኮኑስ፡ ከም ኣጋይሽ ኣብ ሓደ ሆቴል ደሴት ጥዋሎት'ዮም ኣዕሪፎም። ብኽብሪ ከኣ ብመገዲ ማዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ናብ ሃገሮም ተመሊሶም። እዚ ስልጡን ኤርትራዊ ስጉምቲ'ዚ ኸኣ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን ኣብ ጥንታውን ዘመናውን ታሪኽ

ዘሎ ዓሚቀኡ ዝምድና፡ መንግስቲ ኤርትራ ዓቢ ሚዛን ከም ዝህበሉ ዘንጸባርቕ እዩ። እቲ ንክልቲኣን ሃገራት ኣንጸላልዩ ዝነበረ ሓደገኛ ደበና ኲናት በኒኑ። ክልቲኣን ሃገራት ንመንጐኝነት ፈረንሳ ብምቅባል ኣብ 21 ግንቦት1996 ኣብ ፓሪስ ስምምዕ ኸቲመን። በዚ መሰረት ከኣ ጉዳይ ናይ'ተን ደሴታት ናብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ተመሓላሊፉ። እቲ ቤት ፍርዲ ብ9 ጥቅምቲ 1998 ኣብ ለንደን ክልቲኣን ሃገራት ዝተቀበልኦ ውሳነ ኣሕሊፉ። በዚ ኸኣ እቲ ጉዳይ ተዓጽዩ። ዝምድና ኤርትራን የመንን ከኣ ናብ ንቡር ተመሊሱ። እቲ ጉዳይ ከምዚ ዝተጠቕሰ ኮይኑ፡ ኤርትራ ግን ካብ'ቲ ገለ ሃገራት ምዕራብን ምብራቕን ዞባውን ዜናውን መሳርሒታተንን ኤርትራ ናብ ደሴታት የመን መጥቃዕቲ ኣካይዳ እናበላ ዝጋውሕኦ ናይ ሓሶት ክሲ ናጻ እያ።

## 3-ኲናት ምስ ኢትዮጵያ 1998 — 2000

ከምቲ ልዒሉ ዝተገልጸ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ወያነ ሽግር ባድመ ምስ መሃዘ፡ ቅድሚኡ ኸኣ ኣብ ዓዲ ምሩግ ተጻብኦ ምስ ፈጸመ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ነቲ ስርዓት ኢትዮጵያ ዝፈጠሮ ወጥሪ ንምፍታሕ ብ16 ነሐሰን 25 ነሓሰን 1997 ናብ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ክልተ መልእኽቲታት ሰዲዱ። እንተኾነ ግን ውጽኢት ኣይተረኽቦን። ብድሕሪኡ ፕረዚደንት ኤርትራ፡ ነቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ዝሰንዮ ሽግር ንምፍታሕ እትነጥፍ ናይ ሓባር ናይ ዶብ ኮሚተ ክትቐውም ንቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ ሓሳብ ኣቕሪብሉ። ኣብ ሕዳር 1997 ኣኼባ ክካየድ ድማ ክልቲኦም ወገናት ተሰማሚዖም። ቆጸራ ናይ'ቲ ርክብ ከይኣኸለ እንከሎ ድማ ሰበ-ስልጣን ኢትዮጵያ ካብ ሉኣላዊ መሬት ኤርትራ ኣብ ውሽጡ ዘእተወ፡ ሓድሽ ካርታ ክልል ትግራይ ዘርጊሖ። ኤርትራ ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ'ዚ ምስ ሓተተት ከኣ፡ ኢትዮጵያ እዚ ክልላዊ ስልጣን ዝወሰዶ ስጉምቲ ስለዝኾነ፡ መርገጺ ፈደራላዊ መንግስቲ ዝገልጽ ከም ዘይኮነ ሓቢራ። እንተኾነ ግን እዚ ቅሉዕ መናውራ'ዚ ነዊሕ ኣይጸንሐን። ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቲ ካርታ ኣብ'ቲ ኣብ ሕዳር 1997 ዘውጽኦ ሓድሽ ባጤራ ኢትዮጵያ ሓቲሙዎ። ከምዚ ኢሉ ከኣ ስርዓት ወያነ ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘካየዶ ፖለቲካዊ ጻዕሪታት ብምብርዓን፡ ብ13 ግንቦት 1998 ብመገዲ ናይ ይምሰል ፓርላማኡ ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኣጠቓላሊ ኲናት ኣዊጁ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝተፈጥረ ሓደገኛ ኩነታት፡ ባይቶ ሚኒስተራት ኤርትራ ብ14 ግንቦት 1998 ኣብ ዘካየዶ ህጹጽ ኣኼባ፡ ነቲ ኩነታት ብሓላፍነታዊ መገዲ ንምፍታሑ ነዚ ዝስዕብ ሓሙሽተ ነጥቢታት ዝሓቆፈ እማመ ኣቕሪቡ።

1-"ብጉዳይ ዶብ ዘጋጥም ፍልልያት ብሕጋውን ሰላማውን ኣገባብ እምበር ብሓይሊ ዝፍታሕ ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ መንግስቲ

2-“ኣብ ቁጽሪ ሓደ ብምምርኳስ፡ ዝኾነ ወገን ኣብ ዶብ ናይ’ቲ ካልእ ወገን እጀታይ ዝብሎ መሬት ምስ ዝህሉ ብሕጋዊ ካርታታትን ታሪኻዊ መግለጺን ንህዝብታት ክልቲኣን ሃገራትን ንዓለምን ብወግዒ ክፍልጥ ኣለዎ። እቲ ጉዳይ ድማ መፍትሒኡ ወተሃደራዊ ሓይሊ ዘይኮነስ፡ ሰላማዊ ኣገባብ ምዃኑ ክኣምን ኣለዎ።
3-“ካብ ሕጂ ንድሓር ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝካየድ ዘተታትን ርክባትን ውሑስን ምስክርነት ተዓዘብቲን ሳልሳይ ወገን ዘለዎን ክኸውን ኣለዎ።
4-“እቲ ዘከራኸር ከባቢታት ኣብ’ዚ ግዜ’ዚ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ናይ ክልቲኡ ወገን ናጻ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ምርድዳእ’ዚ ኸኣ ብውሕስነት መንጎኛ ይኸውን።
5-“ብመገዲ መንጎኛ ወይ ሳልሳይ ኣካል ናብ ዘዕግብ ፍታሕ እንተ ዘይተበጺሑ ድማ፡ እቲ ጉዳይ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብ። [5]



ከቢድን ዘስካሕክሕን ወተሃደራዊ ክሳራታት ኢትዮጵያ

እንተኾነ ግን መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ድርቕንኡ ቀጺሉ። ንሰለስተ ዓመታት 1998-2000 ዝቀጸለ ኣዕናዊ ኲናት ወሊዑ። ብኽልቲኡ ወገን ዘጋጠመ ሰብኣዊ ክሳራ 100 ሽሕ ወተሃደራት ኮይኑ፡ ካብዚኦም እቶም 81 ሽሕ ኢትዮጵያውያን፡ 19 ሽሕ ድማ ኤርትራውያን እዮም። በዚ መሰረት ከኣ ንኤርትራ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ናይ’ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ዝተወልዐ ኲናት ሓላፍነት ከተሰክማ ዝከኣል ኣይኮነን።

## ምጉብዕባዕ መንግስቲ ኣቢ ኣሕመድ

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ነቲ መንግስቲ ኣቢ ኣሕመድ ወደብ ዓሰብ ንምቁጽጻር ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ከም ዝውልዕ ዝሃቦ ናይ ምፍርራሕ መግለጺ፡ ብመገዲ ማዕከናት ዜና ኤርትራ ብሓምለ 2025 ኣብ ዝሃበሉ መልሲ፡ “ሽግር ኢትዮጵያ መወዳእታ የብሉን፡ እንተኾነ እቲ ዘገርም፡ ነቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ፡ ነዚ ኩሉ ምስ ትግራይ ተሰማሚዓ ትፍጽሞ ዘላ ኤርትራ’ያ ብምባል ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ክሲ

ምምስራት፡ እንሓንሳብ ከኣ ምስ ፋኖ ኮይና ትሰርሕ ኣላ፡ ዝብል ተገራጫዊ መግለጺታት ምሃቡ፡ ስርዓት ኢትዮጵያ ውሽጣዊ ሽግራቱ ንደገ ንምውጻእ ብስም ባሕሪ ዘይክውንነታዊ ዘመተ ኣብ ምክያድ ይርከብ።” መንግስቲ ኤርትራ ግን ናብ ኣድላይነት ዘይብሉ ዜናዊ ቆይቍ ክኣቱ ኣይመረጸን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ መጨረሽታ እዋን ንኤርትራ ዝኸሰሰሉ ወግዓዊ መልእኽቲ ናብ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ናብ ብርክት ዝበሉ መራሕቲ ሃገራትን ልኢኹ። ስርዓት ኣቢ ኣሕመድ፡ ድሮናት፡ 3500 ኪሎ ሜተር ዝኸይድ ተወንጫፊ ሚሳይላት፡ ታንኪታትን መዳፍዓትን ኣሎና፡ ዓሰብ ክንኣቱ ኢና፡ ብጋሽ ባርካን ሱዳንን ኣቢልና'ውን ክንኣቱ ኢና፡ ወዘተ እናበለ'ዩ ዘፈራርሕ ዘሎ። ጥዑይ ኣእምሮ ዘለዎ ሰብ ከምዚ ዓይነት ኣይዛረብን እዩ። እዚ ቆልዓዊ ዕንደራን ህድማ ንቅድሚትን እዩ። ንሕና ኲናት ኣይንደልን ኢና። እንተ ድኣ ኣገዲዶሙና ግን እዚ ህዝቢ'ዚ ንነፍሱ ከመይ ገይሩ ይከላኸል ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ እዩ። [6] እዚ ናይ ኤርትራ መርገጺ፡ ብንጹር ዘብርሆ እንተ ሃልዩ፡ ኤርትራ ደድሕሪ'ቲ ንናይ ውሽጢን ደገን ኣጀንዳታት ንምግልጋልን ፖለቲካዊ ሃዋሁው ንምዝራግን ዝካየድ ኣደናጋሪ ዜናዊ ዘመተ ከም ዘይትኸይድን ከምዘይትደናገርን እዩ። ስለዚ ከኣ ካብ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንመግዛእታዊ ኣጀንዳታት ተባሂሉ ዝኽሰት ዝተፈላለየ ሽግራትን ናይ ወጻኢ ጂኦ-እስትራተጂያዊ ሓሳባት ዘገልግል ኣስፋሕፋሒ ፖሊስታትን ናይ ቅድሚት ህድማን ንምቁጽጻሩ ኩሉ ግዜ ብልዑል ልቦናን ንቕሓትን'ያ ትዋሳእ። እዚ ኹሉ ብዋጋ ረብሓታት ህዝብታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝካየድ ዘሎ እዩ። ከም ዝፍለጥ ኤርትራ ተገዲዳ ካብ መሰል ነፍሰ ምክልኻል ተበጊሳ ንጸላእቲ ንምክልኻልን ንምምካትን እንተ ዘይኮይና፡ ኲናት መሪጻ ኣይትፈልጥን እያ።

## 4-ሽግር ምስ ጂቡቲ



ዶብ ሃገረ ኤርትራን ጂቡቲን ኣብ መጨረሽታ 19 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ኣብ መንጎ ኢጣልያ ንኤርትራ ትገዝእ ዝነበረትን ፈረንሳ ንጂቡቲ ትገዝእ ዝነበረትን ብሰለስተ ውዕላት'ዩ ተሓንጺጹ። ስለዚ ከኣ ብመትከል ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ናይ ዶብ ፍልልያት ክኸሰት መኽንያታዊ ኣይኮነን። በዚ መዳይ'ዚ ክጥቐስ ዝከኣል ጂቡቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ናይ ዶብ ፍልልይ ኣብ ሚያዝያ 2008 ምልዓላ፡ ማለት ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ካብ'ቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ምትካል ዓንዲታት ምስ ነጸገት ኮምሽን ዶብ ክልቲኣን ሃገራት ብማንዛ ከም ዘመልከቶ ብ27 ሕዳር 2006 ኣብ ዝሓበረሉ ግዜ ምምጽኡ ቅቡል ኣይኮነን። ሽግር ዶብ ምስ ጂቡቲ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ለካቲት 2008 ኣብ ርእሲ'ቲ ስሉሳዊ ዶብ ኤርትራን ጂቡቲን ኢትዮጵያን ዘቅውም ሰንሰለታዊ እምባ ሙሳ ዓሊ ከበድቲ ናይ ርሕቀት ኣጽዋርን መዳፍዓትን ክትተክል ምስ ጀምረት'ዩ ተወሊዑ። ምስ'ዚ ፍጻመታት'ዚ ተተሓሒዙ ድማ ኣብ ጂቡቲ ዝነበረ ሓይልታት ኣሜሪካ ኣብ ጥቓ ሰሜናዊ ዶብ ኤርትራ መጺኡ። እቲ ንወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ኢትዮጵያን ኣሜሪካን ኣብ ደቡባዊ ምዕራብን ደቡብን ዶባቱ ኮይኑ ብቀረባ ዝከታተል ዝነበረ መንግስቲ ኤርትራ ምሽት 23 ሚያዝያ 2008 ሃንደበት ካብ ኣሚር ቐጠር ሓመድ ብን ኸሊፋ ኣልሳኒ ናይ ተለፎን መልእኽቲ መጺኡዎ። ኣብ መልእኽቱ ፕረዚደንት ጂቡቲ እስማዒል ዑመር፡ "ኤርትራ ኣብ'ቲ ናይ ሓባር ዶብ ገዚፍ ሰራዊት ኣቐሚጣ ኣላ" ክብል ከም ዝኸሰሰ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓቢሩዎ። እዚ ድማ ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ ብ19 ሕዳር 2008 "ቀጻልነት ተጻብኦታት ብውክልና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ዘዳለዎ ሰነድ ተጠቒሱ ኣሎ።

ፕረዚደንት ኤርትራ ንኣሚር ቐጠር " እዚ ጉዳይ'ዚ ቅድሚ ሕጂ ፍጹም ኣይሰማዕኩዎን፡ ፕረዚደንት ገለ ብቐጥራ እንተ ዝረኽበኒ ዝበለጸ ነይሩ፡ ዝኾነ ኮይኑ ናይ ብሓቂ ሽግር ኣሎ እንተ ኾይኑ፡ ኣነ ንጂቡቲ ክኸይድ ድልዋ እየ። ፕረዚደንት ገለ ናብ ኣስመራ ክመጽእ'ውን ጸገም የብሉን። ነዚ ክልቲኡ ሓሳባት እንተ ዘይተቀቢሉዎ'ውን ናብ ኣዶውሓ ክንራኸብ ንኽእል ኢና" ክብል መሊሱሉ። ኣሚር ቐጠር ንናይ ኤርትራ ሓሳብ "ዝበለጸ"ብምባል ተቀቢሉዎ። ሽዑ መዓልቲ ፕረዚደንት ኤርትራ ሓቅነት ናይ'ቲ ጂቡቲ ዘቅረበቶ ክሲ ንምፍላጥ ንፕረዚደንት ጂቡቲ ብተለፎን ብቐጥታ ረኺቡዎ። ፕረዚደንት ጂቡቲ፡ "ኣብ ዶባትና ሰራዊትኩም ከተጻዑ ከም ዘሎኹም ሓበሬታ መጺኡኒ" ክብል መሊሱ። ፕርዚደንት ኤርትራ ብወገኑ፡ "መዓስ? ምንጪ ናይ'ዚ ሓበሬታ'ዚኸ መን'ዩ?" ክብል ምስ ሓተቶ፡ ፕረዚደንት ጂቡቲ "ኣነ ተሓቢረ" ምስ በለ፡ ብዛዕባ "ምንጪ" ግን ኣይጠቐሰን። ፈረንሳውያን'ዩም ስኢሎምዎ። ጸኒሑ ከኣ ኣብ ፕሮፖጋንዳዊ ዘመተ ተጠቒሞምሉ። ዝኾነ ኮይኑ፡ ፕረዚደንት ኤርትራ

ንፕረዚደንት ጂቡቲ መሰረት ዘይብሉ ሓሶት ምኻኑ፡ ኤርትራ ከምዚ ዓይነት ተግባር ክትፍጽም ምኽንያት ከም ዘይብላን ድሌት ኤርትራ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ሰናይ ጉርብትናን ምትሕግጋዝን ምርግጋጽ ከም ዝኾነን ገሊጾሉ። ፕረዚደንት ጂቡቲ ብወገኑ፡ "ጽቡቕ፡ ጽባሕ ክድውለልካ እየ፡ ማለት 24 ሚያዝያ 2008" ኢሉዎ። እንተኾነ ግን ከምቲ ዝበሎ ኣይገበረን። ብኣንጻሩ ላዕለዎት ወተሃደራዊ መኮንናት ኣኸቲሉ ኣብ ዶብ ኤርትራን ጂቡቲን ብምኻድ ቅድሚኡ ፍጹም ዘይነበረ ወጥሪ ፈጢሩ ናብ ዋና ከተማኡ ተመሊሱ። መሪሕነት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ በቲ ናይ ወጥሪታትን ምትኹታኹን ኣይተደናገረን። እኳ ድኣ ምስ ሰራዊት ጂቡቲ ብሕውነታዊ መንፈስ'ዩ ተዋሲኡ። [7]

ድሕሪ ሽዱሽተ ሰሙናት ካብቲ ፕረዚደንት ኤርትራ ምስ ፕረዚደንት ጂቡቲ ዘካየዶ ናይ ተለፎን ርክብ ብፍላይ ከኣ ብ10 ሰነ 2008 ሰራዊት ጂቡቲ ጸላም ተጎልቢቡ ኣንጻር ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ኤርትራ ብቦምባታት ኢድ መጥቃዕቲ ከፊቱ። ኣሃዱታት ኤርትራ ክሳራታት'ኳ እንተ ኣጋጠሞ፡ ፖለቲካዊ መሪሕነት ኤርትራ ነፍሰ ምቁጽጻር ክገብሩ'ዩ ሓቢሩዎም። እቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሰነድ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ከም ዝገለጾ፡ ኣብ ካልኣይ መዓልቲ ማለት 11 ሰነ 2010 ሰራዊት ጂቡቲ ብኣየር ተሓጊዙ ኣንጻር ኣሃዱታት ኤርትራ መጥቃዕቲ ፈንዩ። [8] ሓይልታት ኤርትራ ከምቲ ኣብ ሰነዳት መንግስቲ ኤርትራ ዝተሓበረ፡ ኣብ ቅድሚኡ ዝኾነ ይኹን ኣማራጺ ስለዘይሰኣነ ብ12 ሰነ 2008 ናይ ነፍሰ ምክልኻል መሰሉ ተጠቒሙ። ብመሰረት'ዚ ፍጻመታት'ዚ ጂቡቲ ብ14 ሰነ 2008 ኣምባሳደራ ካብ ኣስመራ ክትጽውዖ ከላ፡ ብ16 ሰነ 2008 ከኣ ንኣምባሳደር ኤርትራ ካብ ጂቡቲ ክወጽእ ኣዚዛ። ንገለ ተቓወምቲ ጉጅለታት ኤርትራ ኣፍደገኣ ብምኽፋት ከኣ፡ ኣንጻር ኤርትራ ዜናውን ዲፕሎማስያውን ዘመተ ኣካይዳ። ኣብዚ ዝተበከለ ሃዋሁው'ዚ ብ12 ሰነ 2008 ኣብ ከባቢታት ዶብ ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ኤርትራን ጂቡቲን ዝተወሰነ ወተሃደራዊ ግጥም ኣጋጢሙ። መንግስቲ ጂቡቲ ኣእምሮኡ ስለዝሰሓተ፡ ኣብ ነንሓድሕዱ ዝገራጮ መግለጺታት ክህብ ጀሚሩ። ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ዝነበረ ማሓሙድ ዓሊ ዮሱፍ፡ ምድንጋጽን ምድግጋፍን ሃገራት ዓረብ ንምርካብ፡ ብ29 ሰነ 2009 ኣብ ካይሮ ንማዕከናት ዜና ምስሪን ዓረብን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እዚ ኣብ መጨረሽታ ኤርትራ ዝወሰደቶ ስጉምቲ ብእስራኤል ዝተደገፈ ስለዝኾነ፡ ንኹሉ ሓደገኛ እዩ። መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ድማ መቐጸልታ ሃገራዊ ድሕነት ዓረብ'ዩ" ክብል ገሊጹ። [9]
ፕረዚደንት ጂቡቲ እስማዒል ገለ ብወገኑ፡ ዲፕሎማስያዊ ምንጪታት ኤውሮጳ ከም ዝሓበርኦ፡ ብ23 ጥቅምቲ 2008 ኣብ ባይቶ ጸጥታ ኣብ ዝገበሮ መደረ፡ ኣብ'ቲ ምስ ኤርትራ ዝመሃዝዎ ናይ ዶብ ሽግር ቀጥዮ ሃገራት ምዕራብ ምእንቲ ክይመጽም፡ ስም እስራኤል ኣየልዓለን። እቲ ሽግር ኣብ ውሽጢ 3 ሰሙናት እንተ ድኣ ዘይተፈቲሑ

ኣንጻር ኤርትራ ኲናት ከካይድ ምኺኑ ድማ ኣፈራሪሑ። [10] ኣማኻሪ ፕረዚደንት ጂቡቲ ነጂብ ጣህር ብ25 ሚያዝያ 2008 “ከባቢታት ዶብ ካብ ሓይልታት ናጻ ኮይኑ ስለዘሎ ምስ ኤርትራ ኣንጻላልዩ ዝነበረ ደበና ኲናት ተቀንጢጡ ኣሎ” ክብል ሓቢሩ። [11] እዚ ናይ ጂቡቲ ተገራጫዊ ወግዓዊ መግለጺታት'ዚ ዝሕብሮ እንተ ሃልዩ፡ መንግስቲ ጂቡቲ ብዞባውን ኣህጉራውን ወገናት ኣቐዲሙ ኣብ ዝተዳለወ ሲናርዮ ከም ዝወደቀ፡ ተራኡ ድማ ንዝተወሰነሉ ዕማም ካብ ምትግባር ዘይሓልፍ ምኻኑ'ዩ ዘረድእ። ብኣንጻሩ መንግስቲ ኤርትራ፡ ነቲ ዝተማህዘ ናይ ዶብ ሽግር ኣህጉራዊ መልክዕ ከይሕዝን ንዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ኣፍ-ደገ ንምዕጻውን ብክልተኣዊ ኣገባብ ንምፍትሑ'ዩ ጽዒሩ። እንተኾነ ግን ጂቡቲ ኣንጻር ኤርትራ ናይ ሓሶት ዘመተ ብምክያድ፡ ነቲ ጉዳይ ናብ ኢጋድ፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ ውድብ እስላማዊ ጉባኤ፡ ውድብ ፍራንክፎንያን ኣህጉራዊ ባይቶ ጸጥታን ንምሕልፉ'ያ ተጓዪያ።

እቲ ናይ ብሓቂ ዘገርም ግን ውድብ ኢጋድን ሕብረት ኣፍሪቃን፡ ማሕበር ሃገራት ዓረብ፡ ውድብ እስላማዊ ጉባኤ፡ ባይቶ ጸጥታን ምምሕዳር ኣሜሪካን ብ10 ሰነ 2008 ኣብ ባይታ እንታይ'ዩ ተፈጺሙ ከይመርመሩ ንኤርትራ ኣብ ምኹናን'ዮም ተጓዪዮም። ንኣብነት ንምጥቃስ፡ ባይቶ ጸጥታ ንባዕሉ ብ12 ሰነ 2008 ነቲ “ኤርትራ ኣብ ራስ-ዱሜራን ደሴት ዱሜራን ኣንጻር ጂቡቲ ፈጺማቶ ዝበሎ ወተሃደራዊ ስራሕ ንኹንን” ክብል ገሊጹ። [12] ድሕሪ 13 መዓልቲ ማለት ብ25 ሰነ 2008 ኣብ ዘውጽኦ ካልእ መግለጺ ድማ፡ ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ባን ኪሞን፡ ሓበሬታ ዘጻሪ ልኡኽ ናብ ጂቡቲን ኤርትራን ክሰድድ ጸዊዑ። [13]  ኣብዚ ኣንባቢ ዝዕዘቦ፡ ባይቶ ጸጥታ ቅድሚ ኩሉ ንኤርትራ ብምኹናን፡ ጸኒሑ ንዝቀረበ ክሲ ሓቅነቱ ንምርግጋጽ መርማሪ ኮሚተ ልኢኹ። እዚ ማለት ከኣ ሓንቲ ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኾነት ሃገር ክሳ ሓቅነቱ ክሳብ ዝረጋገጽ ኩንንቲ ማለት እዩ። ጠዋይ ሞጎት ባይቶ ጸጥታ ከኣ እዚ እዩ። ባይቶ ጸጥታ ኣብ መንጎ ኤርትራን ጂቡቲን ኣብ ደሴት ዱሜራ ወተሃደራዊ ግጥም ተኻዪዱ ዝበሎ፡ ሓበሬታ ካበይ'ዩ ኣምጺኡዎ? ደሴት ዱሜራ ብ10 ሰነ 2008 ይኹን ቅድሚኡ ዋላ'ውን ድሕሪኡ ጥይት ተተኵሱዎ ኣይፈልጥን እዩ። ምስዚ ኩሉ ግን ባይቶ ጸጥታ ኣብ'ቲ ዝኾነ ይኹን ውግእ ዘይተፈጸሞ ደሴት ዱሜራ እንታይ ከም ዘጋጠመ እትምርምር ኮሚተ ክልእኽ ወሲኑ። ኣብ'ታ ደሴት እንታይ ኣጋጢሙ ባይቶ ጸጥታ ሓበሬታ ኣለዎ። እንተኾነ ግና ኤርትራ ኣንጻር ጂቡቲ መጥቃዕቲ ፈጺማ ዝብል ምጉቱ ርጉጽ ክኸውን'ዩ ዝደሊ ዘሎ። ዝኾነ ኮይኑ መንግስቲ ኤርትራ ነቲ ዝተወልዐ ሽግር ንምጥፋእን ነቶም ኣብ ሓዊ ዘይቲ ዝኸዕዉ ዞባውያንን ኣህጉራውያን ሓይልታት ዕድል ንምኽላእን ብመሰረት'ቲ ብሰነ 2010 ብመገዲ መንጎኛ ሃገረ ቐጠር ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣሃዱታቱ ካብ ሉኣላዊ መሬቱ ራስ ዱሜራን

ደሴት ዱሜራን ኣውጺኡ። ወተሃደራዊ ኣሃዱታት ናይ መንጐኛ ቐጠር ንግዚኡ ነቲ ቦታ ክሕዝዎ ድማ ፈቒዱ።

## ንኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ናብ ግጭት ንምእታው ዝተኻየደ ፈተነ 2025



መንግስቲ ኤርትራ ንኹሎም'ቶም፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብሓይሊ ኣፍደገ ባሕሪ ክውንን እየ፡ ንወደብ ዓሰብ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክሕዛ እየ፡ እናበለ ዝፍክር ወግዓዊ መግለጺታት ኢትዮጵያ ብምምዝማዝ፡ ብመገዲ ማእከላት መጽናዕቲ፡ ትካላት ስለያን ማዕከናት ዜናን ኣቢሎም ሓሶታት ብምዝርጋሕ ኣብ መንጐ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኲናት ክውልዑ ዝደልዩ ሓይልታት ዕድል ከሊኡዎም እዩ።

ኣብ ውሽጢ ከምዚ ኩነታት ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ፡ ግርጭታትን ሽግራትን ንምእላይ፡ ንናይ ሓሶት ክሲታት ንምቕላዕ፡ ንዝተማህዘ ሓሶታት ንምኽሳሕን ንድሙቕ ሓቂታት ንምኹላዕን ብ18 መጋቢት 2025፡ ኣብ ኤርትራ ንዝርከቡ ኣምባሳደራትን ኣባላት ማሕበረሰብ ዲፕሎማሲን ሓለፍቲን ወኪላትን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣብ ኤርትራ ኣኼባ ብምክያድ ብዛዕባ'ቲ ሰለስተ ክሲታት ብኸምዚ ዝስዕብ ገሊጹ።

1- “ኤርትራ ኣንጻር ኢትዮጵያ ኲናት ንምክያድ ተዳልያ ኣላ ዝብል ክሲ »

2- « ስምምዕ ፕሪቶርያ »

3- « ኣፍ-ደገ ባሕሪ ንምርካብ ዘሎ ናይ ኢትዮጵያ ጽላለን ምስኡ ዝሰዓብ ዲፕሎማስያዊ ዘመተታትን ወተሃደራዊ ፈኸራታትን። »

ሚኒስተር ወጻኢ ጉዳይ ኤርትራ ሓቂታት ብኽምዚ ዝስዕብ ኣብሪሁ።
1-ኣብ ሕዳር 2022 ኲናት ደው ምስ በለ፡ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣብ'ቲ ኣህጉራዊ ተፈላጥነት ዘለዎ ዶባቱ ብቐጥታ ተመሊሱ እዩ። ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ገና ኣብ መሬት ኢትዮጵያ ኣሎ እናተባህለ ዝፍኖ ዘረባታት ግን ንውሽጣዊ ሽግራት ኢትዮጵያ ንኤርትራ ሓላፍነት ንምስካም እዩ።
2- "መንግስቲ ኤርትራ ንስምምዕ ፕሪቶርያ ከም ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ ስለዝርእዮ ኣብኡ ክኣቱ ኣይደልን እዩ።"
3- "መንግስቲ ኤርትራ ኣብቲ ኣብ መንጐ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይን ዝቅጽል ዘሎ ውሽጣዊ ቁርቁስ ዝኾነ ይኹን ተራ የብሉን። ካብዚ ወጻኢ ንዝቐርብ ክሲ ኸኣ ብትሪ ይነጽጎ።"
4- "ኤርትራ በቲ ኢትዮጵያ ናብ ባሕሪ ንምብጻሕን መዓስከር ሓይሊ ባሕሪ ንምምስራትን ዘለዋ ኣደናጋሪን ብሉይን ጥሙሕ ኣዝያ'ያ ትግረም" ነዚ ኸኣ "ብዲፕሎማሲ ወይ ብሓይሊ" በዚ መዳይ ኣህጉራዊ ማሕበረሰብን ዝምልከቶም ኣካላቱን ኢትዮጵያ ሉኣላውነትን መሬታዊ ሓድነትን ናይ ጐረባብታ ሃገራት ንኽተኽብር ጸቕጢታት ክገብሩላ ኤርትራ ትጽውዕ። [15]

ሕጂ ፖለቲካዊ መሪሕነት ኢትዮጵያ ግዜ ከይሓለፈ ነዚ ዝስዕብ ክርዳእ ኣለዎ።
1- ናይ ምፍሕፋሕን ዳግመ ምስኣል ዶባትን ካርታታትን ሃገራት ክምለስ ዘይክእል ዘብቅዐ ምዃኑ ክፈልጥ ኣለዎ። ኢትዮጵያ ቅድሚ ዶባታ ኣብ መጨረሽታ 19 ክፍለ ዘመንን መጀመርታ 20 ክፍለ ዘመንን ምስ ጐረባብታ ሃገራት ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ጂቡቲ፡ ሶማልን ኬያን ምሕንጻጹ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብውሽጣዊ ወራራት ዝቆመት ሃገር ምዃና ዝፍለጥ እዩ። እዚ ድማ ዞባ ኦጋዴን ኣብ 1954 ብብሪጣንያ ናብኣ ቅድሚ ምሕዋሱ ማለት እዩ።
2- ኲናት ክትውልዖ ዝቀለለ፡ ንዳይናሚካውን ሓደገኛነት ውጽኢቱን ክትቆጻጸሮ ግን ኣዝዩ ኣሸጋሪ ምዃኑ ክርዳእ ይግባእ። ብፍላይ ከኣ ኣብዛ ብወጥሪታት ዓሌትነትን ንናይ ዩጎዝላቭያ ሲናርዮ ዝመሳሰል ብድሆታትን ትሳቐ ዘላ ኢትዮጵያ። ኣብዚ ንዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ልዑል ቍጠባዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ጸጥታውን ጂኦ-እስትራተጂያውን ኣገዳስነት ዘለዎ ዞባ ብመገዲ መሳርሒታቶም ዝኾኑ ስርዓታት ወተሃድራዊ መዓስከራት ብምቛም ኣብ ምትህልላኽን ምውድዳርን ይርከቡ። ኣብ ጂቡቲ ጥራሕ ኣብ ምዕራባዊ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ብፍላይ ከኣ ሰሜናውን ደቡባውን ኣፍደገ መጻብቦ ባብ ኤልመንደብ ናይ ፈረንሳ፡ ኣሜሪካ፡ ቻይና፡ ኢጣልያ፡ ስጳኛን ጃፓንን ሽዱሽተ ወተሃደራዊ መዓስከራት ኣሎ።

3- ቅድሚኡ ዝነበሩ ስርዓታት ኢትዮጵያ ካብ ተፈረ መኮነን ክሳብ ስርዓት መለስ ዜናዊ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝወረዶም ወተሃደራዊ ስዕረታት ጽቡቕ ገይሩ ክፈልጦ ኣለዎ። እዞም ኩሎም ስርዓታት እዚኣቶም ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ተደርቢዮም እዮም። ታሪኽ ነዚ ዝስዕብ ይዝክርን የዘኻኽርን እዩ።

3-1- ብተፈሪ መኰነን (ሃይለ ስላሰ) ዝመሓደር ዝነበረ መስፍናዊ ስርዓት ኢትዮጵያ፣ ካብ 1961 ክሳዕ 1973 ብ"ዓሳ ንምቕታል ባሕሪ ምንጻፍ" ዝብል ጭርሖ፣ ብምንዳድ፣ ምዕናውን ምቕታልን ፖሊሲኡ ንሰውራኤርትራ ክድምስስ ፈቲኑ። ብኣንጻሩ እቲ ባሕሪ ማዕበሉ በርቲዑ፣ እቲ ስርዓት ድማ ብዓሳታት ተዋሒጡ'ዩ ጠፊኡ። ሰውራ ኤርትራ ኣብ 1972 1973 ኣብ ሰሜን ኤርትራ፣ ነቲ ምኩር ዝበሃል መግዛእታዊ ሓይሊ ኢትዮጵያ ዓንድ ሕቘኡ ሰይርዎ። እዚ ፍጻመ'ዚ ድማ ንመሰረት ስርዓት ተፈሪ መኰነን ኣነቓኒቕዎ። ደገፍኣመሪካን እስራኤልን እኳ እንተ ነበሮ ኣብ 1974 ወዲቑ።

3-2፦ ስርዓት "ደርግ" ብወገኑ፣ ብሶቬት ሕብረት ነበር፣ ምብራቕ ጀርመን ነበር፣ ደቡብ የመን ነበርን ስርዓት ኮሎኔል ሙዓመር ኣልቀዛፊን እናተሓገዘ፣ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ከጥፍኦ እየ እናበለ ካብ 1978 ክሳብ 1986 ዓሰርተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ወራራት ኣካይዱ። እንተኾነ ግን ኩሊ'ቲ ወራራት ብሓጺናዊ መኸተ ሰውራ ኤርትራ ተደርዒሙ። ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከኣ ሰፍ ዘይብል ክሳራታት ወሪዱ። እቲ ጉዳይ በዚ ደው ከይበለ ብህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝውከል ሰውራ ኤርትራ ካብ እስትራተጂያዊ ምክልኻል ናብ እስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ብምስግጋር ኣብ ልዕሊ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ መጠነ ሰፊሕ መጥቃዕቲ ፈንዩ። ከምቲ እንግሊዛዊ ደራሲን ተመራማሪን ታሪኽ ባዚል ዳቪድሶን ዝገለጾ ኣብ 1988 ኤርትራዊ ኲናት ድያን ብያንፉ ተኻዪዱ። ዝዓበየ ግንባር ጸላኢ ናደው እዝ ተደምሲሱ። ከተማ ኣፍዓበት ከኣ ሓራ ወጺኣ። ከምኡውን ሰለስተ ሶቬታውያን ወተሃደራዊ መኮንናት ተማሪኾም። ሰውራ ኤርትራ ኣብ'ዚ ኲናት'ዚ ኣዝዩ ብዙሕ ከበድቲ ኣጽዋርን ታንኪታትን ስታሊን ኦርጋንን ናይ ነዊሕ ርሕቀት መዳፍዓትን መንዚዑ። ድሕሪ ክልተ ዓመት ኣብ 1990 ከኣ፣ ከተማ ምጽዋዕ ሓራ ክትወጽእ ከላ፣ ኣብ 1991 ድማ ግንባር ደቀምሓረ ተደምሲሱ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ዋና ከተማ ኣስመራ ሓራ ወጺኣ፣ ፕረዚደንት ስርዓት ኢትዮጵያ ሂወቱ ንምድሓን ናብ ዚንባብወ ሃዲሙ።

3-3፦ ስርዓት መለስ ዜናዊ (ወያነ) ብወገኑ፣ ኣብ 1998 ብዶብ ኣመሳሚሱ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ኲናት ወሊዑ። ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ካብ 1998 ክሳብ 2000 ብዓቢ ወተሃደራውን ፋይናንሳውን ጸጥታውን ሓገዛት ኣሜሪካ፣ ሩስያን

እስራኤልን ኤርትራ ዳግማይ ንምጉባጥን ኣስመራ፡ ምጽዋዕን ዓሰብን ንምቁጽጻርን ሰለስተ ዓበይቲ ወተሃደራዊ ወራራት ኣካይዱ። እቲ ብሰብኣዊ ማዕበል ወተሃደራዊ እስትራተጂ ዘካየዶ ኵናት ብሓጺናዊ ጽንዓትን ጅግንነታዊ መኸተን ህዝቢ፡ መንግስቲን ሓይልታት ምክልኻልን ኤርትራ ዝተሓምሸሸ። ኣብ መጨረሽታ መንግስቲ ኢትዮጵያ (ወያነ) ኣስታት 70 ሽሕ ካብ ወተሃደራዊ ሓይሉ ምስ ከሰረ፡ ኣጀንዳታቱ በኒኑ፡ ካብ መድረኽ ህላወ ቅድሚ ምጥፍኡ፡ ናይ ህልውናኡ ረቛሒታት ስኢኑ ንቁልቁል ምስ ተነቁተ'ዩ ተቀሲቡ ብ18 ሰነ 2000 ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦታት ፈሪሙ። ከም ዝፍለጥ እቲ ሓደጋ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢትዮጵያ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ህላወ ናይ'ዛ ሕጂ ዘላ ኢትዮጵያ ናብ ስግኣት ዘውድቕ እዩ። ስለዚ ከኣ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብዚ እዋን'ዚ ንኩሉ ሕሳባት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ክቅይር ዝኽእልን ናብ ክምለሰሉ ዘይክእል ሓደጋ ዘውድቖን ዕንደራዊ ስጉምቲ ቅድሚ ምውሳዱ፡ ሽሕ ግዜ ክሓስበሉ ኣለዎ። ብሳዕሪ ዝተሰርሐ ቤቱ ብሓዊ ኣይጻወትን'ዩ።

መደምደምታ፦

ካብ ዕለተ ናጽነት 1991 ጀሚሩ፡ ፖሊሲ ኤርትራ ኣብ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ደቡብ ቀይሕ ባሕሪን እዘን ዝስዕባ ኣርባዕተ ዓላማታት ንምርግጋጽ ብዘይ ምስልካይ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን።

1- ኣብ ዞባ ቀርኒ-ኣፍሪቃን ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪን ሰላም፡ ጸጥታን

ርግኣትን ምርግጋጽ።

2- ኣብ ኩሉ መዳያት ንረብሓታት መላእ ህዝብታት ዞባና ዘገልግል ናይ ምትሕግጋዝ መሰረት ምትካል።

3- ናይ ኩለን ሃገራት ናጽነት፡ ሃገራዊ ሉኣላውነት፡ መሬታዊ ሓድነት፡ ምኽባርን ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ካልኦት ዘይምእታውን።

4- ብቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ሕብረት ኣፍሪቃ፡ ውድብ ኢጋድን በቲ ኣብ ኩሉ መዳያት ዝምድናታት ሃገራት ዝገዝእ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ምምእዛዝ።

15 ነሓሰ 2025

# መወከሲ

1 - ቃለ መሕትት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
17 ታሕሳስ 2024

Eritrea: ecss Online

2- ስምምዕ ሰላም ምብራቕ ሱዳን

ዓቢ ታሪኻዊ ዓወት ንዲፕሎማሲ ኤርትራ

ኣሕመድ ሓሰን ዳህሊ

20 ጥቅምቲ 2006 ዓ.ም

3- ኣገዳሲን ኣካታዕን ጉዳያት ሱዳን ንምምይያጥ ዝቀረበ ወረቐት ኤርትራ።
ኣስመራ፡ 20 ግንቦት 2022

4 - Interview with President Isaias Afwerki

May 2023

www.ecss online

5 - ኣዋጅ ባይቶ ሚኒስተራት
ኣስመራ 14 ግንቦት 1998

6 - ቃለ-መጠይቕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ
ብዛዕባ ኣህጉራዊን፡ ዞባውን ዘቤታዊን ጉዳያት

መርበብ ሓበሬታ ማእከል እስትራተጂ መጽናዕቲ ታት ኤርትራ።
ሓምለ 2025
www.ecss online

7 - Djibouti: A Continuation of Hostilities by Proxy

Ministry of Foreign Affairs, 19 November 2008, Asmara.

8 - ናይ ቅድም መወከሲ

9 - መርበብ ማዕከናት ዜና ዓረብ - መሒጥ ዶትኮም
www.moheet.com

10 - Conseil de Securite des Nations Unies CS/9480, 23/10/2008
WWW.un.org

11 - ኣብ ለንደን እትሕተም ጋዜጣ “ኣሸርቕ ኣልኣውሰጥ” 25 ሚያዝያ 2008.
www.aawsat.com

12 - Unitesd Nations Security Council, SC/9353, 12 June 2008
www.un.org

13 - Security Council calls for UN fact-finding team to visit Djibouti-Eritrea border, UN News Service, 25 June 2008
www.un.org.news

14 - Minister Osman Saleh gave briefing to Diplomatic Community
Erreur ! Référence de lien hypertexte non valide.
March 19, 2025